Region Stockholm

# ዞባዊ ምርጫ 2026

*ዕለት 13 መስከረም (september) 2026፣ ንዞባዊ ባይቶ ምርጫ ዚካየደሉ ጊዜ እዩ። ድምጽኻ ኣብ ትህበሉ ጊዜ፡ ነቶም ንዞባ ስቶክሆልም ነዚ ዚመጽእ ዘሎ ኣርባዕተ ዓመታት ዚመርሕዎ ፖሎቲከኛታት መኑ መን ከም ዝኾኑ ኣብ ምውሳን ኢድካ ትሕውስ ኣሎኻ ማለት'ዩ።*

### እዚ ዞባዊ ምርጫ ንምንታይ ዚምልከት እዩ?

እዚ ዞባዊ ምርጫ'ዚ፡ ብዛዕባ ንመዓልታዊ ህይወትካ ዝጸልዉ ነገራት ዚምልከት እዩ። ዞባ ስቶክሆልም፡ ሓላፍነት ክንክን ጥዕና፡ ህዝባዊ መጓዓዝያን ዞባዊ ልምዓት ዚወስድ ኲይኑ፣ ኣብ ባህላዊ ህይወት ናይቲ ኣውራጃ ውን ኣበርክቶ ዚገብር'ዩ።

### ድምጽኻ ብኸመይ ጽልዋ ኼሕድር ይኽእል?

ድምጽኻ ክትህብ ከሎኻ፡ ኣየኖት ሰልፍታትን ፖሎቲከኛታትን ንዞባ ስቶክሆልም ከመሓድርዋ ከም ዘሎዎም ኢድካ ተእቱ ኣሎኻ። እቶም ኣብ ባይቶ ዞባ ዚርከቡ ፖለቲከኛታት፣ ገለ ካብቶም ንሳቶም ዚውስንዎም ነገራት፡-

- ገንዘብ ዞባ ስቶክሆልም ኣብ ምንታይ ኪውዕል ከም ዘለዎ
- እቲ ዞባዊ ግብሪ ክሳብ ክንደይ ልዑል ኪኸውን ከም ዘለዎ
- ክንክን ጥዕናን ህዝባዊ መጓዓዝያን ብኸመይ ኪምዕብል ከም ዘለዎ
- ኣየኖት ፖለቲከኛታት ኣብ ኣየናይ ኮሚቴ ወይ ቦርድ ኪምደቡ ከም ዘለዎም ምውሳን እዩ።

### መን ከድምጽ ይፍቀደሉ?

ኣብ ዞባዊ ምርጫ ንምድማጽ መሰል ዚህልወካ፣ እንተ ደኣ፡-

- እንተ ደንጐየ ኣብታ ዕለት ምርጫ 18 ዓመት ዕድመ ትመልእ ኼንካ
- ሽወደናዊ ዜጋ ኼንካ፡ ኣብ ህዝባዊ መዝገብ ናይ ኣውራጃ ስቶክሆልም ምዝጉብ ምስ ትኸውን ወይ ውን
- ዜጋ ናይ ሓንቲ ኣባል ሕብረት ኤውሮጳ ዝኾነት ሃገር፣ ኣይስላንድ፡ ኖርወይ ኴንካ፣ ከምኡ ውን ኣብ ህዝባዊ መዝገብ ኣውራጃ ስቶክሆልም ምዝጉብ ምስ ትኸውን፣ ወይ ውን
- ናይ ካልእ ሃገር ዜጋ ወይ ሃገር-ኣልቦ (ስደተኛ) ኼንካ፣ ቅድሚ'ቲ ዕለት ምርጫ፡ ኣብ ኣውራጃ ስቶክሆልም ብውሕዱ ንተኸታተልቲ ሰለስተ ዓመታት ተቐማጣይ ሃገር ሽወደን ምስ ትኸውን፣ ከምኡ ውን ኣብ ህዝባዊ መዝገብ ናይ ኣውራጃ ስቶክሆልም ምዝጉብ ምስ ትኸውን እዩ።

እዞም ሕጊታት እዚኦም፡ ንዓኻ ኣብ ሃገር ሽወደን ትነብር ዘሎኻን፥ ነቶም ኣብ ወጻኢ ሃገር ዚነብሩ፥ ግን ከኣ ገና ኣብ ሽወደን ተመዝጊቦም ዘለዉን ሰባትን ዚምልከት እዩ።

## እቲ ምርጫ ብኸመይ ይካየድ?

ኣቐዲምካ ካብ ዕለት 26 ነሓሰ (augusti) ጀሚርካ ክሳብ ዕለተ-ምርጫ ዘሎ ጊዜ ክተድምጽ ትኽእል ኢኻ።

እቲ ንዞባዊ ባይቶ ዚግበር ምርጫ፡ ኣብ ዕለት 13 መስከረም (september) ኪፍጸም'ዩ፥ ሽዑ ውን ንሃገራዊ ባይቶን ንኮሙናዊ ባይቶን ምርጫታት ኪካየድ እዩ።

እቲ ናይ ምድማጽ ጊዜ ምስ ተዛዘመ፥ ምቝጻር ድምጽታት ኪጅመር እዩ። ብቐዳምነት በቲ ናይ ሃገራዊ ባይቶ ምርጫ'ዩ ምቝጻር ዚጅመር። ብድሕሪኡ እቲ ናይ ኮሙናዊ ባይቶ ድምጽታት ይቝጸር። ኣብ መወዳእታ ድማ፡ እቲ ድምጽታት  ናይ ዞባዊ ባይቶ ይቝጸር። ኣፈናዊ ውጽኢት ናይቲ ምርጫ፥ ሽዓ ለይቲ ኣብቲ ናይ ቤት ስልጣን ምርጫ (Valmyndigheten) ኣድራሻ ኢንተርነት "val.se" ተመዝጊቡ ይወጽእ'ዩ።

እቲ ምምሕዳራዊ ቦርድ ኣውራጃ'ዩ ነቲ ድምጺታት ዚቖጽር፥ ከምኡ ውን ውጽኢት ምርጫ ዚውስንን ኣብ ዞባዊ ባይቶ ንዘሎ መናብር ዚዕድልን።

ብዛዕባ እቲ ምርጫ ዝያዳ ሓበሬታ፡ ኣብ ኣድርሻ ኢንተርነት ቤት ስልጣን ምርጫ ምንባብ ይክኣል እዩ።